tigrinya

Caritasverband Rhein-Wied-Sieg e.V.
Geschäftsstelle Betzdorf

Landkreis Altenkirchen

WILLKOMMEN እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም

እዛ ኣቲኹማ ዘለኹም ሃገር ጀርመን ትበሃል።
እዛ ሃገር እዚኣ ን ልዕሊ ሰብዓ ዓመታት ምስ ዝኾነት ትኹን ሃገር ኲናት ጌራ ኣይትፈልጥን።
ሕብረተሰብ ጀርመን ድማ ብ ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን ሕግን ዝተመስረተ እዩ።

## ቅዋም (ብጽማቑ)

**ምዕራፍ 1፡** ክብሪ ወድ ሰብ ኣይትንከፍን እዩ።
ነዛ ክብሪ ወድሰብ ክትክበርን ክትሕሎን ናይ ኩሉ መንግስታዊ በዓልመዚታትንምምሕዳራትን ሓላፍነት እዩ። ።

**ምዕራፍ 3፡** ነፍስወከፍ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ሓደ እዩ። / ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ማዕረ ክብሪ ኣለዎም [...] / ዝኾነ ይኹንሰብ ብሰንኪ ወይ ብሳላ ጾትኡ፡ መበቆሉ፡ ብሄሩ፡ ቋንቋኡ፡ ሃገሩን መበቀሉን፡ እምነቱ፡ ሃይማኖቱን ፖለቲካዊ ኣረኣእይኡን ክድቆስወይ ጸብለልታ ክርኢ ኣይፍቀድን። ከምኡ ውን ብሰንኪ ስንክልና ክንጸል ኣይፍቀድን። //

ነዚ መሰረታዊ ቅዋም ምስ ትግህስ ሕጊ ጥሒስካ ኣለኻ ማለት ስለ ዝኾነ፡ ብ ገበን ክትድለ ትኽእል ኢኻ።

–·–·–·–

ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቅንስትዮ ሓይሊ ክጥቀሙ ኣይፍቀድን፡ እዚ ማለት፡ መንፈሳዊ ኮነ ጉልበታዊ ሓይሊ ወይ ዓመጽ ጾታዊ ርክብ ማለት እዩ።

ዝኾነ ሰብ ንበይኑ ንኽከውን ክትገድፎ ምስ ዝሓትት፡ ድሌቱ ከተማልኣሉ ይግባእ። ንወድሰብ ምድፋር፡ ጓል ትኹን ወዲ ፍቑድ ኣይኮነን። ዋላ ውን ስእሊ ክትስእሎ ምስ ትደሊ፡ ኣቐዲምካ ፍቓደኛ ምኧኑ ውይ ምኧና ክትሓትት ይግባእ።

ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ከም ደስ ዝበላ ጌራ ክትክደን ምሉእ መሰል ኣለዋ። ዋላ ውን ሰውነታ ዘርኢ ሓጸርቲ ክዳውንቲ ኣብ ዚ ሃገር ቅቡል ዝኾነ ኣከዳድና እዩ። ከም ናይ ምዕዳም ንስጋዊ ርክብ ክርእ ውን ኣይግባእን።

ደቅንስትዮ ኣበይ ክነብራ ይደልያ፡ እንታይ ክሰርሓ ይደልያ ባዕለን እየን ዝውስና። ነብሰን ክኢለን ድማ መነባብርአን የካይዳ።

ነፍስወከፍ ወዲ ተባዕታይ ወይ ነፍስወከፍ ጓል ኣንስተይቲ ባዕሉ ወይ ባዕላ መጻምድቱ ወይ መጻምድታ ይመርጽ ወይ ትመርጽ። ን ክምርዖ ወይ ክትምርዖ ውን ብዘይ ናይ ካልእ ሰብ ውሳኔ ባዕሉ ወይ ባዕላ ይውስን ወይ ትውስን። ክትምርዖ ዘይምድላይ ውን ርእሱ ዝኸኣለ ውልቃዊ ውሳኔ እዩ። ወዲ ተባዕታይ ምስ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ጓል ኣንስተይቲ ከም ናይ ሓዳር መጻምድቲ ኮይኖም ሕጋዊ ሓዳር ከካይዱ ምሉእ መሰል ኣለዎም።

## ሃገርና ክትፈልጥዎ ፈትኑ፡
## ድላይኩም ሕተቱና፡ ምሳና ተዛረቡ

HILFE FÜR FRAUEN ረዲኤት ን ደቅንስትዮ

ከም ጓል ኣንስተይቲ መጠን ትፈርሒ እንተኾንኪ ወይ ትብደሊ እንተኾንኪ ዋላ ብ በዓል ቤትኪ ይኹን ብ ስድራኺ፡ ሓገዝ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ!

## ምስ ትኣምንዮ ሰብ ውን ብዛዕባ ዚ ተዘራረቢ

ማሕበር ካሪታስ ራይን ቪድ ሲግ ኤ.ፋው.
ጎደና ቫግነር ቁ. 1 57518 ቤትዝዶርፍ

ቴሌ. 0 27 41/97 60-0

ፖሊስ 110

ናይ ቴሌፎን ሓገዝ (ኣንጻር ኣብልዕሊ ደቅንስትዮ ሓይሊ ምጥቃም)
0 80 00 11 60 16